# ስነ ጥበባዊ ቅያ ድራማን ሙዚቃን

## ብዑስማን ዓብደርሒም



*መእተዊ፡- ኩሉ ትሕዝቶ ጽሑፍ ናይ ሓውና ሕቡብ ስነጥበባዊ ዑስማን ዓብደሪሒም ኮይኑ፣ነዚ ጽሑፍዚ ብዙሕ ፍልጠት ዘሰንቕን ስነጥበብ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዘለዎ ዘልኣለማዊ ኣበርክቶ ዘንጸባርቕ ኮይኑ ስለዝረኸብናዮ ነቶም ነዚ ጽሑፍ ብቐረባ ዘይረኸብኩሞ ኩልኹም ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ኢንተርኔት ከተንብብዎ ክንዕድም ከለና ደረት ዘይብሉ ሓጎስ ይስማዓና።*

*ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን*

ከም መበገሲን መቅድም መእተዊ ኣርእስቲ ትሕዝቶይ ስነጥበብ ኣዚዩ ሕሉፍ ወኒ ዘሕድር ስምዒቱን ማዓሙቅ ከበሮ ልቢ ብትርግታ ኣድሚቁ ዘሃርም ከምኡውን ንመትኒ ሰራውር ኣነቃቒሑ ዘባራብር ንትንቢታዊ ተስፋናን ንትምኒታዊ ሕልምናን ዝድህሰስ ምስ ህልውኩነት ዝዛመድ ውዕውዕን ንጡፍን መልእኽቲ ዘማሓላልፍ ባይትኡ ኣዳራሽ ወይ መድረኽ ዓውዲ ትያትር ኮይኑ ዓቢ ቤት ትምህርቲ ሂወት እዩ እንተበልኩ ቃል ኣጋንኖ ኣይኮነን።

እዚ ክብል ከለኹ ንምሳሌ ንሓደ መደባዊ ኣስተምህሮ ንምርዳእ መጽናዕቱ ኣስታት 3 ወርሒ ወይ 6 ወርሒ ዝኣክል ግዜ ንዝወስድ ኣብ ምርኢት ብመልክዕ መልእኽታዊ ድራማን ሙዚቃን ክቀርብ ከሎ ኣብ ውሽጢ 3 ሰዓት ወይ 4 ሰዓት ተዓዚብና ትርጉሙ ተረዲእና ክንግንዘቦ ከም እንኽእል ከረጋግጽ እፈቱ።

ነዚ ድማ ብተግባርን ምስክርነት ዝበቅዕ ፍጻሜ ክገልጽ እንተዳኣ ኮይነ ኣብ መደባት ተዋስኦ ንእንገብሮ ዝነበርና መደብ ምርኢታት ቅድሚ ናጽነት ኣብ ውሽጢ ከተማታት ዑደት ብምግባር ኣብ መላእ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓቢ ግደን ተራን ከምዝነበሮ ማንም ዘይስሕቶ እዩ።

ግን ብዝበለጸ ኣብ ግዜ ቃልሲ ብ1975 ዓ.ም.ፈ ምስ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ሜዳ እተሰለፍናሉ በቲ እተዋህበና ጥጡሕ ባይታ ኣብ ርእሲቲ ዝነበረና ባህጊ ሃገራዊ ስምረትን ከምኡውን ናይ ክልቲኡ ውድባት ነቲ ኣብ መንገኦም ዝነበረ ግርጭት ውግእ ሕድሕድ ንዝምልከት ስምዒት ደሪኹና ውዕል ሕድር ከይበልና ብኣሳልጦ ዝመልአ ብዑቱብ ልምምድ ጌርና ንመደብ ምርኢት ምድላው በቂዕና ብድራማ ወገን ኣርእስቲ “ንታኣከብ” ዝብል ኮይኑ ብወገን ደርፍታትውን ናይ ዑስማን ማለት ናተይ ድርሰት ግጥምን ዜማን ዘቕረብኩዋ ህብብቲ ደርፊ “ኀኹን ሓደዋልታ” ትብል ኔራ ካብ ግጥማ ገለ “ፍልሰፍና ገድሊ ምግስጋስ ስምረት እዩ መባእታ ምፍንጫል ይወገድ ኀኹን ሓደ ዋልታ” ከምኡውን ብንጉስ ዓውዲ ትያትር ዝቕጽል ስሙ ዩኑስ ኢብራሂም “ኩሉ ዝረኤኻ ዓቢ እምባ ገዳም ንገረና ኹሉ ዛንታታት ናይ ቀደም” ከምኡውን ብኣቦ መድረኽ ነፍስሔር ብጻይ የማነ ባርያ “ናይ መቃብር ብጾተይ በዓልመንኮን ኢኹም ዘይምውት የለን ክላለ ምሳኹም” ዝብላ ደርፍታት ምስታ ድራማ ኣቀዲመ ዝጠቀስኩዋ ብሓባር ነቲ ህልው ኩነት ዝገልጻን ዝዳህሰስን ስለዝነበራ ብሙሏኡ ተጋዳላይ ብዓቢ ኣድናቆት ጨብጨባን ብኸብ ዝበለ ፍናን ሓድነትን ስምረትን ዝመርሕ ለበዋ ነበረሞ ብድሕሪኡ ኸኣ ሓደ ብጻይ ካብ ኣባል መሪሕነት ቃል ምስጋና ክህብ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ቃል መደረ ኣስሚዑ፡- “ነዚ ሕጂ ኣብ 3 ሰዓት ወይ ኣብ 4 ሰዓት ዝኸውን ዝሰነቅናዮ መልእኽታዊ ኣስተምህሮ ኣብ መደብ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮና ኔሩ እንተዝኸውን 3 ኣዋርሕ ወይ ዝያዳ ምወሰደልና ኔሩ በለ” ከምኡውን ናይ ጥልያን ኮምኒስት ፓርቲ ኣባል ኣብ ዝሃቦ ርእይትኡ፣ “እዚ ክፍሊ ባህሊዚ ነቲ ሰውራ ቀዲሙ ሓሊፍዎ ኣሎ ኢሉ መግለጺ ሂቡ” ስለዚ ስነጥበብ ክሳብ ክንደይ ኣድማዕን ጠቃምን ከምዝኾኑ ክበርሃልና ይግባእ ኣብ ልዕሊ እቲ ቅያ ዝበልኩዎ ድማ መግለጺ ስለ ዝሓርበተኒ እንትርፊ ታኣምርዩ ካሊእ ዝብሎ የብለይን።

እምባኣር እዚ ሞያዚ ብሰለስተ ጨናፍር ይማላእ፡-

1. መደብ ኣዳለውቲ ሰብ ውራይ ተሰለፍቲ ተዓጠቕትን ዝኾኑ ኣርቲስትን ደረስትን ምስ ሙዚቀኛታትን ደረፍትን።

2. መድረኽ ደምበ መዋስኢ ዓቢ ሰፊሕ ዓቢ ቀዋሚ ህዝባዊ ዳስ ዝኾነ ኣዳራሽ ዓውዲ ትያትር

3. ነዚ ጉዳይዚ ዝሳተፎ ዕዱም ጋሽ ዝኾነ ሕብረተሰኣዊ ድማ ኣገዳሲ ዝምልከቶ ኣካልቲ ናይዚ ውራይ ማለት ብሓፈሻ እቲ ምደባት ንዑኣኡ ተባሂሉ ስለዝዳለው "ሀ" ኣዳለውትን "ለ" ኣዳራሽ ወይ መድረኽ ዓውዲ ትያትርን "ሐ" ተዓዘብትን ዕዱማት ናይ "ሀ" "ለ"ን ስለዝኾኑ ሰለስቴኦም ብሰንሰለታዊ ዝምድና ርክብ ዘይፈላለዩ ምዃኖም ከረጋግጽ እደሊ።

ስለዚ ነቶም ታሪኻውያን ባእታታት ስነጥበብ ኣሰር ገዲፎምልና ዝሓለፉ እናዘከርና ባህልናን ልምድናን ንኽደንፍዕ በቶም ገዳይሞ ዘለዎ እናተሓበርና እቶም እንዋሳእ ዘለና ሰብ መድረኽ ነዚ ሞያን ምግስጋሱን ምምዕባሉን ጻዕርን ቃልስን ከነካይድ ይግባእ። ምኽንያቱ ንኹላህና ስውር ኣይኮነንቲ ቀንዲ ናይ ሓባር ባይታ መጠርነፊዩ ዘድሊ ግንከ በዘየገድስ ኣብዘዘለናዮ ኾይና ከምዝስዕብ ክንክተልን ንኽእል ኢና፡-

1. ሓደ ስነጥበባዊ ናይ ማሕበረሰቡ ነጸብራቕ ስለዝኾነ ናይ ኩሉ ምስኩሉ ዝተሓባበር ኮይኑ ኣብ ግሊ ተወሰኑ ናይ ዝኾነ ማሕበር ፖለቲካን ወይ ውድብ ወዘተ ክጽጋዕ ከም ዘይብሉ ለበዋይ ከማሓላልፍ ይደሊ።

2. ንገዛእ ርእሱ ስነጥበብ ዓቢ ማሕበራዊ ነጻ ውድብ ክገብር ስለ ዝኽእል ናብኡ ደረጃ ንኽበጽሕ ድማ ናይ ሕድሕድ ርክብን ዘተን ብስነ ጥበባዊ ዝምድና ተረዳዲእና ካብ ትምክሕትን ቅርሕንትን ክንድሕን ብሃናጺ ነቐፌታን ብመንፈሳዊ ቅንኣት ዝመልኦ ናይ ኣበርክቶ ሞያና ሕድሕድና እናተኻባበርና ብልዝብ ዓቕምናን ደረጃና እና ኣስተብሃልና ክንጓዓዝ እምነ።

3. ተውህቦን ስሚዒትን እኹል ስለ ዘይኮነ ንኽእለትና ብትምህርትን ብተመኩሮን ክነሐብትሞን ከነማዕብሎምን ግድነት እዩ።

4. ንምህዞን ፈጠራን ዘሐግዝ ኣንፈት ድማ ኣብርእሲቲ ናይ ባህልኻ ኣሰር ምርምር ንኣሰር ናይ ጎረቤትካን ከምኡውን ንዓለምለኸ ምዕባለ ከመይን ከምዘሎ ምድህሳሱ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስማዓኒ።

5. ናይ ሓባር ስራሕ ውጺኢቱ ዓወት ስለዝኾነ ብሓባር ምስ ብጾትካ ሞያውያን ሙዚቀኛታትን ደረፍትን ብሓባር ምስራሕ።

6. ንሓደስቲ ተኸታተልቲ ሞያ ስነጥበብ ተጊሕካ ብዕቱብ ባይታ ምፍጣር

7. ግዝይኡ ግዜ ቁጠባ ስለዝኾነ ብዓይኒ ስስዔ ዘይኮነ ብጻማ ጻዕሪ ኣገባብ ሰራሕተኛን ዋሃብ ስራሕ ነዚ መሰረት ብምግባር እቲ ቀንዲ ዓቢ ጠንቂ ምትእምማን ዘየሐድር ኮይኑ ይስማዓኒ ስለዚ ኩሉ ነገር ብኣጋባብ ናይ ስምምዕ ስራሕ ምፍርራም ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ።

እምባኣር ሕጂውን ስኒትን ጥርናፈን ልዝብን ስለዘድሊ ዘሎ ካብቲ ሓደስቲ ደርፈይ ቀሪበዮ ዘለኹን ክቃላሕ እዛ ትስዕብ ግጥሚ ናይ ኣርእስቲ ደርፈይ "ሓላፍነት ነብሲወከፍ" እትብል ገለ ካብ ትሕዝቶኣ ክልግሰልኩም ደስ ይብለኒ፡-

# “ሓላፍነት ነብሲ ወከፍ”

ኣዝማች
ከምቲ ኣብ ማኣዲ መሶብና ተዋሃሂድና ንቅረብ
ኣዲ ዘተ ሕብረተሰብናውን ኹልና እዩ ዝምልከት ንታኣከብ

ማይቤት
ሮቛሒ ኣለና ምሳሌ ክትርኅም ዘለዎ ልምዲ
ባህሪ ተቀረብ ሓቢርካ ኣብ ጎኒ ብጻይካ ኣብ ንእዲ

ኣዝማች
ከምቲ ንዕድመ ኣኽቢርና ዳስ ኣማዕሪግና ንስለፍ
ጉዳይ ዓዲዩ ዝዓበየ ዕማምና ሓላፍነት ነፍሲ ወከፍ

ቀጻል ማይቤት
ኣብነት ስኒት ጥርናፌ ባህርያዊ መዛመዲ
ላዛ ዘለዎ ማኣዛ ባህላዊ ክቡር ማኣዲ

ሃብታም ባህሊዩ ዘለና ረጊእና ብነጥቢ ስርዓት
ንሕጊ ንዳባ ንወከስ ይዳህሰስ ይገንጻል መዝገባት
ኣሰር ንከተል ነጽንዕ ንኣምት መዚንና ብብቅዓት
ሕመረት ጽማቕ ክንትክእ ዘዕግብ ንድፊ ቅዋማት

ከምኡውን ካብቲ ደሪስ ዘበርከትኩዎ ንሓደ ሓድሽ ደራፋይ ስምዒት ወኒ ናይ ደርፉን ድርሰት ግጥምን ዘለዎ ንሓደ ኣልቦም ዝኸውን ደርፍታት ክህልዎ ከሎ ብኣይ ወገን ናይ ዜማ ድርሰት ኣበርኪተሉ ብሕልፊ ድማ ሰለስተ ደርፊ ግጥምን ዜማን ካባይ ስለ እተወህበ ካብኣተን ኣርእስቲ “ተዘክሮ ሞያ ከዋኽብቲ” እትብል ካብ ትሕዝቶ ግጥማ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡-

ተበሃጋይ ደምበ ስነጥበብ መድረኽ ከዋኽብቲ
ሰፊሕ ባይቶ ግቢ ማሕበረሰብ ክበብ ተዓዘብቲ
ኣማዕዲኻ ዝረኤ ሓጺር በሪኽ ጨርሒ ተዋሰእቲ
ኣለይቲ መጋረጃ ኣብ ማኣዝኑ ተቛጻጸርቲ ኣሰናዳእቲ
ከም ዘስተውዓልኩዎን ኣንፈት ባህልን ልምድን
ኣነውን ኣሰር ተኸቲለ ዓቅመይ ዘፍቅዶ ክፍትን
ነቶም ብሂወት ዘለኹም ትነብሩ ጌና እትዋስኡ
ዕድመን ጥዕናን በረኸት ይሃበለይ መሊኡ
ነቶም ተፈለኹም ካብ ዘዓለም እሾኽ ዳንደ
እስከ ስምኩም ክጽውዕ ክዝክር በብሓደ
በዓል ወዲ ኣሚር ሽፋ ስዒድ ኣተወ ብርሃን
ሰረት ቅርሲ ሓወልቲ ባህላውያን
ከማኡውን ህቡባት ወናማት ተኸለን የማነባርያን
ነጸብራቕ ታሪኽኩም ወኒ ኣሕዲሩለይ ፍናን

ሓውኹም

ስነጥበባዊ ዑስማን ዓ/ርሒም